# GOD'S SIMPLE PLAN OF SALVATION

## Introduction

1 John 5:13 ንኣኻትኩም ብስም ወዲ ኣምላኽ□ እትኣምኑ ዘሎኹም፡ ናይ ዘለኣለም ህይወት ከም ዘላትኩም ምእንቲ ኽትፈልጡ ኢለ እየ እዚ ጽሒፈልኩም ዘሎኹ።

## I ኩላትና ሓጢእና ኢና።

ሮማ 3:10 ከምኡውን ተጽሒፉ ኣሎ፡ ሓደ እኳ ጻድቕ የልቦን፡

ሮማ. 3፡23 "ከመይ ኩሎም ስለ ዝኃጥኡን ካብ ክብሪ ኣምላኽ ስለ ዝረኃቑን"



ኩላትና ሓጢእና ኢና።

## II ካብ ሓጢኣትና ዝረኸብናዮ መኽሰብ ዘለዓለማዊ ሞት

ሮማ. 6፡23 ከመይ ዓስቢ ሓጢኣት ሞት እዩ፥ ውህነት ጸጋ ኣምላኽ ግና ብክርስቶስ ኢየሱስ ጐይታና ናይ ዘለዓለም ህይወት እዩ

1 John 5:19 ካብ ኣምላኽ ምዃንና፡ ብዘላ ዓለምውን በቲ እኩይ ተትሒዛ ምህላዋ ንፈልጥ ኢና።

1 John 5:12 እቲ ወዲ ዘለዎ ህይወት ኣላቶ፡ ወዲ ኣምላኽ ዜብሉ ህይወት የብሉን።

1 John 3:15 ንሓዉ ዚጸልእ ዘበለ ኹሉ ቐታል ነፍሲ እዩ። ቀታል ነፍሲ ዝኾነ ኹሉ ድማ ናይ ዘለኣለም ህይወት ኣብኡ ኸም ዘይትነብር፡ ትፈልጡ ኢኹም።

## III ኢየሱስ ኣብ መስቀል ተሰቒሉ ሞተ፡ ንመቕጻዕቲ ሓጢኣትና [ሞት] ድማ ንሱ ተበጀወልና።

ሮማ. 5፡8 ግናኸ ንሕና ገና ሓጥኣን ከሎና ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ፥ ኣምላኽ እታ ኣባና ዘላቶ ፍቕሪ በዚ የርኢ ኣሎ

ሮማ. 14:9 - ስለዚ ኸኣ እዩ ክርስቶስ ጐይታ ምዉታትን ህያዋንን ንእንቲ ኪኸውን ኢሉ፡ ዝሞተን ህያው ዝኾነን።

ዮሓ. 3፡16 በቲ ሓደ ወዱ ዝኣመነ ዘበለ ኩሉ ናይ ዘለዓለም ሕይወት ምእንቲ ኪረክብ እምበር ከይጠፍእሲ፥ ኣምላኽ ንወዱ በጃ ክሳዕ ዚህብ ክሳዕ ክንድዚ ንዓለም ኣፍቀራ

ሮማ. 6፡23 ከመይ ዓስቢ ሓጢኣት ሞት እዩ፥ ውህነት ጸጋ ኣምላኽ ግና ብክርስቶስ ኢየሱስ ጐይታና ናይ ዘለዓለም ህይወት እዩ



**Christ died for sinners!**

## IV ብጸጋን ሰናይ-ፍቓድን ኣምላኽ፡ ብእምነት ጥራይ ኢኻ ካብ ኣምላኽ ሕድገት-ሓጢኣት ክትቅል እትኽእል።

ኤፌ. 2፡ 8-9 ንክርስቶስ ብምእማን ብጸጋ ኢኹም ዝደሓንኩም፡ እዚ ከኣ ውህበት ኣምላኽ እዩ እምበር ካባኻትኩም ኣይኮነን። ሓደ እኳ ከይምካሕሲ ብግብሪ ኣይኮነን

Titus 3:5 ንሱ ብምሕረቱን ብምሕጻብ ሓድሽ ልደትን ብምሕዳስ መንፈስ ቅዱስን እዩ ዘድሓነና እምበር፡ ንሕና ብዝገበርናዮ ግብሪ ጽድቂ ኣይኰነን።

ግብሪ ሃዋርያት 4:12 ብእኡ ኽንድሕን ዚግባእ ካልእ ስም ኣብ ትሕቲ ሰማይ ንሰብ ኣይተዋህበን እሞ፡ ምድሓን ብሓደ ኻልእ ከቶ የልቦን።

**V መድሓኒኻ እምነት እንተደኣ ኣሕዲርካ፡ ሕድገት-ሓቲያትካ ኣብ ቀረባ እዩ ዘሎ።**

ሮማ. 10፡9,10 ስለዚ ብኣፍካ 'ኢየሱስ ጐይታ እዩ' ኢልካ እንተ መስከርካ፥ ብልብኻውን ኣምላኽ ካብ ምውታት ከም ዜተንስኦ እንተ ኣመንካ፥ ክትድሕን ኢኻ እቲ ጽሑፍ፡ ብእኡ ዚኣምን ዘበለ ኣይሐፍርን፡ ይብል እዩ እሞ፡ ሰብ ብልቡ ኣሚኑ ይጸድቕ፡ ብኣፉ ተኣሚኑውን ይድሕን እዩ፡ ስለዚ ብኣፍካ የሱስ ጐይታ ምዃኑ እንተ ነገርካ፡ ብልብኻውን ኣምላኽ ካብ ምዉታት ከም ዘተንስኦ እንተ ኣመንካ፡ ክትድሕን ኢኻ።

ሮማ 10:13 ማለት፡ ነፍሲ ወከፍ ስም እግዚኣብሄር ዚጽውዕ ዘበለ ኺድሕን እዩ፡ ንሱስ ሓደ ጐይታ እዩ፡ ነቶም ዚጽውዕዎ ዅሎምውን ሃብታም እዩ እሞ፡ ኣብ መንጎ ኣይሁዳውን ጽርኣውን ሌላን ጕሌላን የልቦን።

*እወ፡ ብርግጽ ቀሊል እዩ! ንሕድገት-ሓጢኣት ካብ ኣምላኽ ክትዕድጎ ኣይትኽእልን ኢኻ። ንሕግደት-ሓጢኣት ካብ ኣምላኽ ዋጋኡ ክትከፍሎ ኣይከኣለካን እዩ። ብጸጋን ሰናይ-ፍቓድን ኣምላኽ፡ ብእምነት ጥራይ ኢኻ ካብ ኣምላኽ ሕድገት-ሓጢኣት ክትቅል እትኽእል። ንኢየሱስ ክርስቶስ ከም መድሓኒኻ ክትቅበልን ብእኡ ድማ ካብ ኣምላኽ ሕድገት-ሓጢኣት ክትረኽብ እንተደኣ ደሊኻ፡ ከምዚ ኢልካ ክትጽልይ ትኽእል። እዚ ጸሎት ስለዝደገምካ ወይ ካልእ ጸሎት ስለዝገበርካ ጥራይ ኣየድሕነካን እዩ። ኣብ ክርስቶስ እምነትካ እንተደኣ ኣንቢርካ ጥራይ እዩ ካብ ሓጢኣት ከድሕነካ ዝኽእል። እዚ ጸሎት ንኣምላኽ ኣብ ልዕሊኡ ዘሎካ እምነት እትገልጸሉን ንድሕነትካ ምብጃዉን ንምምስጋን ጥራይ እዩ።*

"እግዚኣብሄር፡

ኣብ ቅድመኻ ከም ዝሓጣእኩን መቕጻዕቲ ከምዝግበኣንን እፈልጥ። ግናኸ ኣብኡ ብምእማን ሕድገት-ሓጢኣት ክረክብ ኢሉ፡ ኢየሱስ ክርስቶስ በጃይ ተቐጽዓለይ። ከም ዝድሕን ኣብ ልዕለኻ ምሉእ እምነት ኣሎኒ። ስለቲ ዘደንቕ ጸጋኻን ምሕረትካን ኣመስግነካ! እሜን!"

**Amazing Grace Publishing *100 Lakeview Court * Joshua TX 76058 * 817-426-1828 * E-Mail JamesAV@aol.com**